እታ ቐያሕ ባቡር (
ራብዓይ ክፋል)

ኣብርሃም ለኣከማርያም።
ካናዳ።

ሰላም ኮይኑ መሬት ድሕሪ ውድቀት ሽፍታ
ባቡር ተወንጪፋ ወሲኹ ንጥፈታ
ብዙሓት ደይቦም ዉሑዳት ይወርዱ
ቦታ ዝሳኣኑ ብእግሮም ይኸዱ
ብሓዱሽ ወነ ብሓዱሽ መንፈስ
ጉዕዞ ጀሚራ ንቅድሚት ክትግስግስ
ኣብ ራብዓይ መዓልታ ማይ ኣባይ በፂሓ
ኣኼባ ፀዊዓ ክትግምግመ ስራሓ።
ኩሉ ተኣኪቡ ክሰምዕ መደቡ
ግቡኡ ክፍፅም ከወፈ እጃሙ
ሓሳቡ ክገልፅ ክዛተ ብዕሊ
ባቡር ክትምርሽ ሎሚ ከም ትማሊ
መራሕቲ ክመርፅ ፅቡቕ ዝዘውሩ
ዐንቀፍቀፍ ከይበፅሓ ቀያሕ ባቡሩ
ንቅድሚት ክትውንጨፍ ጎቦ ከይዓግታ
ብእዋን ክትበፅሕ ኣብ ዝሓሰበቶ ቦታ
ብቕንዕንና ዘገልግሉ መራሕቲ ጉዕዞ
ስልጣን ዘይብህጉ ፈላጣት ሰብ ምህዞ
ስጋብ መወዳእታ ሕድሮም ዘይጠልሙ
ብፃዮም ከጥቅዑ ተንኮል ዘይኣልሙ
ህዝቢ ዘመስግኖም ቅኑዓት መራሕቲ
ነፍሶም ዘሀድግሩ ዝኸፍሉ መስዋእቲ
ስጋ ብፆት ኢሎም ቃሎም ዘይዓፅፉ
ሂወቶም ገቢሮም ብደሞም ዝፅሕፉ
ሕልፊ ዘይደልዩ ካብ ህዝቦም ንላዕሊ
ነገር ዝመምዩ ዕጉሳት ሰብ ዓቕሊ
ተሳፋሪ ተኣኪቡ ብሓደ ዘትዩ
ሕማቕን ፅቡቕን ነፈዩ ፀፅዩ
እከለ እናበለ ሓደ ብሓደ
መራሕቲ ክመርፅ ጉባኤ ኣካየደ
ይኾኑኒ እዮም ኢሉ ዝኣምነሎም

ባቡር ክዝዉሩ ሓላፍነት ሃቦም።
ድሕሪ ብዙሕ ዘተ ሽማ ተቐየረ
ቁሩብ ሕሽ ዝበለ ካብቲ ዝነበረ
ብሓደ ድምፂ መኺሩ ኣፅዲቑ
ብሰላም ዛዘመ ጉባኤ ፀንቂቑ።
ድሕሪ ብዙሕ ዘተ ፅዑቕ ኣኼባ
ላዕልን ታሕትን ኢላ ወሪዳ ደይባ
መራሕታ መሪፃ ጉዕዞኣ እንትትጅምር
ብድሕሪት ኣጋጠመ ዘይተሓስበ ነገር
ብጎኒ ጠሊፎም ጕዕዞ ከዐንቅፉ
ሽም ዘጥፍኡ ዘይኮነ ዝፅሕፉ
ድቃስ ዘይነበሮም ካብ ብጉሓቱ
ነዛ ቀያሕ ባቡር ኣዘንጊዖም ክዓግቱ
ኣድብዮም ፀኒሖም ብድሕሪት ብቕድሚት
ወሊዖም ክሃድሙ ዘይተሓስበ ኩናት
ከም ልማዳ ንኹሎም ሓማሽሻ
ትዳለው ነይራ ንሩሑቕ መገሻ።
ይቕፅል።